# Theology - I

# ቃል ኣምላኽ - 1ይ ክፋል

www.debresahl.com

# Theology / ቃል ኣምላኽ

Theos (God) ኣምላኽ and logos (word) ቃል . (Greek)

Theology

ቃል ኣምላኽ

ትምህርቲ ብዛዕባ ኣምላኽ

# Theology / ቃል ኣምላኽ

## ኣምላኽን ግን ከመይ ኢሉ ብናይ ደቂ ሰባት ቋንቋ ክግለጽ ይኽእል?

ጣዕመ መቐረት ናይ መዓር ክገልጽ
ዘይክእል ቋንቋና፥ ኣምላኽነት ኣምላኽ
ክገልጽ ኣይክእልን ኢዩ።



## ንኣምላኽ ግን ደቂ ሰባት ብዝርድእዎ ኣብነትን ምስላን ጌርና ንገልጾ

# Analogy or parable / ምስላ

ኣብነት፤

**1. ኣምላኽ ከም ኣቦ ኢዩ** ‘ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና’ ማቴ 6 ፤ 9

**ኣምላኽ ምስ ስጋዊ ኣቦ ዘመሳስሎ ነጥብታት፥**

- ከምቲ ስጋዊ ኣቦና ዝሓልየልና ኣምላኽ’ውን ይሓልየልና ኢዩ። (ማቴ 7፥9-11)

- ከምቲ ኣቦና ናብዚ ዓለም ብስጋ ዘምጽኣና
ናይ ህላዌና ምንጪ’ውን ኣምላኽ ኢዩ።

- ከምቲ ኣቦና ኣብ ልዕሌና ሓላፍነትን ስልጣንን ዘለዎ
ኣምላኽ ድማ ከም ኣቦና ሓልፍነት ናይ ውሉድ ኣለዎ። (ዕብ 12፥9)

# Analogy or parable ምስላ

**ኣምላኽ ካብ ስጋዊ ኣቦ ዝፈላልዮ  ነጥብታት፥**

- ኣምላኽ ሰብ ኣይኮነን።

- ከምቲ ኣቦና "ኣቦና" ክበሃል ኣደ ተድሊ ንኣምላኽ ከም ኣቦ ክንጽውዖ ኣድላይነት ኣደ የለን!

- ኣምላኽ ከም ናይ ስጋ ኣቦና ተባዕታይ ጾታ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን!

# Source of Theology ምንጪ ቃል ኣምላኽ

1. ቅዱሳት መጻሕፍቲ / *Holy Scripture. (ኣብ ዝሓለፈ ከም ዝተማሃርናዮ)*

*2.* ትውፊት / Holy Tradition. *(ኣብ ዝሓለፈ ከም ዝተማሃርናዮ)*

*3.* ተመኩሮ / ራእይ / ምግላጽ / *Experience / Revelation*

# ተመኩሮ / Experience

እዮ 42፥5

ብእዝነይ ሰማዕኩኻ (ትውፊት)

ሕጂ ግና ኣዒንተይ ርኤናኻ እየን (ተመኩሮ)

ኤፌ 1፥ 17-18

‘ኣምላኽ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቦ ኽብሪ ብፍልጠቱ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ምእንቲ ኺሀበኩም፡ እሞ ኣዒንቲ ልብኹም በሪሁ፡ ተስፋ ጽውዓኡ እንታይ ምዃኑ፡ ሃብቲ ርስቲ ኽብሩ ኣብ ቅዱሳንውን እንታይ ምዃኑ ኽትፈልጡ፡ እጽሊ ኣሎኹ።’

# ስለምታይ ብዛዕባ ኣምላኽ ንዛረብ? Why Speak about God

- ስለ ነፍቅሮ። Because we love Him.

- ብእኡ ምዝራብ ሓጎስን ዕጋበትን ስለ ዝህበና። Speaking about Him gives us Joy.

- ንዘይፈለጡ ክነፍልጥ። Convey the orthodox teaching to people around us.

- ቅኑዕ ትምህርቲ ካብ ክሕደት ፈሊና ክንፈልጥን ክንምህርን። Defend Orthodox teachings against heresies.

# Orthodoxy and Heresy

# ቅኑዕ ትምህርትን ክሕደትን

**Orthos** = Correct ቅኑዕ

**Doxa** = opinion ሓሳብ / ትምህርቲ

**Heresy** = a religious belief opposed to the orthodox doctrines of a church

## ክሕደት

ክሕደት እግዚኣብሔር ዘይፈትዎ ተግባርን መንግስቱ ዘየውርስን ኢዩ

ገላ 5፤19-21

'እቲ ግብሪ ስጋ ግሁድ እዩ፡ ንሱ ኸኣ ምንዝር፡ ርኽሰት፡ ዕብዳን፡ ኣምልኾ ጣኦት፡ ጥንቈላ፡ ጽልኢ፡ ባእሲ፡ ቅንኢ፡ ቍጥዓ፡ ሻራ፡ ምፍልላይ፡ ዝርግርግ(**heresies**)፡ ቅንኣት፡ ቅትለት፡ ስኽራን፡ ጓይላ፡ ከምዚ ዘመሰለ ኻልእውን እዩ። እቶም ከምዚ ዘመሰለ ዚገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋ፡ ከምቲ ቐደም ዝበልክዎ ኣቐዲመ እብለኩም ኣሎኹ።'

# ህልውና ኣምላኽ ምኽሓድ / Atheism

3 ዓይነት ክሕደት ኣሎ።

1. Absolute Atheism

ህልውና ኣምላኽ ብፍጹም ምኽሓድ።

መዝ 14፥1

“ዓሻ ብልቡ ኣምላኽ የለን ይብል”

# ህልውና ኣምላኽ ምኽሓድ / Atheism

2. Providential Atheism (Deism)

“deus” – god (Latin)

ኣምላኽ ከም ፈጣሪ ጥራሕ ምቕባል፥

ምስ ፍጥረቱ ኣምላኻዊ ርክብ ዘይብሉ።

# ህልውና ኣምላኽ ምኽሓድ / Atheism

## 3. Practical Atheism

ናይ ኣምላኽ ኣምላኽነት ዘይምኽሓድ፥ ተግባሮምን ህይወቶምን ግን ኣምላኽ ከምዘየለ ምንባር።

ቲቶ፥ 1፥16

‘ንኣምላኽ ከም ዚፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ፣ ፍንፉናትን ዘይእዘዙን ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኹሉ ዘይጠቕሙን ብምዃኖም ግና በቲ ግብሮም ይኽሕድዎ ኣለዉ።’

# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God

## ፩. Pascals Wager - ምርጫ / ክትዕ

Blaise Pascal (1923-1962) ፈረንሳዊ ፈላስፋ፥ ናይ ስነ-ፍልጠትን ቁጽርን ምሁር።

1 ኣምላኽ ከም ዘሎ እንተ ኣሚንና፥ ብሕጉ እንተተመላሊስና
ኣምላኽ እንተ ሃልዩ = መንግስቲ ኣምላኽ ክንወርስ ኢና።

2 ኣምላኽ ከም ዘሎ እንተ ኣሚንና፥ ብሕጉ እንተተመላሊስና
ኣምላኽ እንተ ዘይሃልዩ = ኣብ ህይወትና ዘጉደልናዩ ሓጢኣት ጥራሕ ኢዩ።

3 ኣምላኽ ከም ዘሎ እንተ ዘይኣሚንና፥ ኣምላኽ እንተ ሃልዩ = ገሃንመ እሳት ክንኣቱ ኢና።

4 ኣምላኽ ከም ዘሎ እንተ ዘይኣሚንና፥ ኣምላኽ እንተ ዘይሃልዩ = ብሓጢኣትና ኣይንቕጻዕን ኢና።

# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God. . .

- ኣምላኽ ኣሎ እንተ ኢልና፥ እሞ ኸኣ እንተ ሃልዩ

  = ምሉእ ዓወት ክንዕወት ኢና።

- ኣምላኽ ኣሎ እንተ ኢልና፥ እሞ ኸኣ እንተ ዘይሃልዩ

  = ወላ ሐደ ኣይንኸስርን ኢና።

- ኣምላኽ የለን እንተ ኢልና፥ እሞ ኸኣ እንተ ዘይሃልዩ

  = ወላ ሐደ ኣይክንዕወትን ኢና።

- ኣምላኽ የለን እንተ ኢልና፥ እሞ ኸኣ እንተ ሃልዩ

  = ኩሉ ክንከስሮ ኢና።

**? ? ? እንታይ ምመርጽና ???**

# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God. . .

## ፩. Argument for Motion / ምንቅስቓስ

ዓለም ኣብኣ ዘሎ ኩሉ ግዜ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ።

Dynamics



ንኣብነት፤

- ዝናም ካብ ሰማይ ይዘንም
- ዓለም ኣብ ጸሓይ ትዘውር

# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God. . .

እዚ ምንቅስቓስ ግን ካበይ መጺኡ?

- ነገራት ክንቀሳቐሱ ዘንቀሳቕስ ኣካል ክህሉ ኣለዎ።
- ነዚ ዘንቀሳቕስ፥ ዘንቀሳቕስ ካልእ ኣካል’ውን ክህሉ ኣለዎ።
- ስለዚ ኣብ መጀመርታ ዘይንቀሳቐስ ኣንቀሳቓሲ ክህሉ ኣለዉ ማለት’ዩ።

እዚ ዘይንቀሳቐስ ኣንቀሳቓሲ = ኣምላኽ

# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God. . .

## ፫. Cosmological Argument / ቀዳማይ ኣምጻኢ (ፈጣሪ)

- ኣብ ዓለም ካብ ዘሎ ፍጥረታት ንገዛእ ርእሱ ክፈጥር ዝኽል የልቦን።

ስለዚ ንኹሉ ዝፈጠረ ዘይተፈጥረ ፈጣሪ ክህሉ ኣለዎ = **ኣምላኽ**



# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God. . .

፬. Human values ናይ ደቂ ሰባት ጽቡቕ ነገራት / ሕሊና

- ሓቂ

- ጽባቐ / መልክዕ

- ቅንዕና   እዞም ነገራት ካበይ መጺኦም? ብኸመይ ፈሊጥናዮም?

ነዚኦም ዝፈጠረ፤ ሓቀኛ፥ ምልኩዕን ቅኑዕን ፈጣሪ ክህሉ ኣለዎ

'እምብኣርከ ንስኻትኩም እኳ፡ ክፉኣት ክነስኹም፡ ንደቅኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ግዳ ንዚልምንዎ ኸንደይ ኣብዚሑ <u>ጽቡቕ </u>ዘይህቦም።'ማቴ7:11

# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God. . .

## ፩. Intelligent Design / ውሕሉል ሰኣላ

ቅርጻ-ቅርጽን ስእልታትን
ውጽኢት ናይ ሓደ
ውሕሉል ሰኣላይ ኢዩ።



ንዓለም ዝቀረጸ/ዝሰኣለ ሓደ
ውሕሉል ሰኣላይ ድማ ኣሎ።

እዚ ሰኣላይ እዚ =

**ኣምላኽ**

# ህልውና ኣምላኽ / Existence of God. . .

ስለዚ

*ንነገራት ካብ ዘይምህላው ናብ ምህላው ዘምጽአ

*ንነገራት ዘንቀሳቕስ

*ሕሊናን ዝፈጠረ

*ውሕሉል ሰኣላይ ዝኾነ

**ኣምላኽ ኣሎ።**

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

ንኣምላኽ፥ ኣምላኽ ዝገብሩ ረቓሒታት

1 ኣምላኽ መንፈስ/ኣይረአን ኢዩ።

2 ኣምላኽ ዘልኣለማዊ ኢዩ።

3 ኣምላኽ ዘይቅየር ኢዩ።

4 ኣምላኽ ህያው ኢዩ።

5 ኣምላኽ ሓቂ ኢዩ።

6 ኣምላኽ ፍቕሪ ኢዩ።

7 ኣምላኽ ቅዱስ ኢዩ።

8 ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ህልው ኢዩ።

9 ኣምላኽ ኩሉ ዝኽእል ኢዩ።

10 ኣምላኽ ኩሉ ዝፈልጥ ኢዩ።

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 1. ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ። God is spirit.

ዮሓ 4፥24 'ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ።'

2ቆሮ 3፥17

'ጐይታስ መንፈስ እዩ፡ ኣብቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ድማ፡ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ።'

ዮሓ 1፥18

'ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፡ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፡ ንሱ ኣግሀዶ።'

1 ጢሞ 1፥17

'እምብኣርስ ነቲ ናይ ዘለኣለም ንጉስ፡ ዘይሐልፍ፡ ዘይርኤ ሓደ ኣምላኽ ንዘለኣለመ ኣለም ክብርን ስብሓትን ይኹኖ። ኣሜን።'

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## ጾታ ኣምላኽ ?

መጽሓፍ ቅዱስ ንኣምላኽ ብዙሕ ግዜ ከም ወዲ ጌሩ እንተ ጸውዖ ኣምላኽ ጾትኡ ወዲ ኢዩ ማለት ኣይኮነን።

ግብ 17፥29 "እምብኣርከስ ዓሌት ኣምላኽ ካብ ኰንና፡ ኣምላኽ ነቲ ብናይ ሰብ ብልሓትን ሓሳብን እተገብረ ቕርጺ ወርቂ ወይ ብሩር ወይ እምኒ ኸም ዚመስል፡ ክንሐስቦ <u>ኣይግብኣናን</u> እዩ።"

ዘዳ 6፥ 15-16
'በታ እግዚኣብሄር ኣብ ሆሬብ ካብ ማእከል ሓዊ ኽዛረብኩም መዓልቲ ገለ መልክዕ እኳ ኣይርኤኹምን እሞ፡ ተጠንቀቕኩም ነፍሳትኩም ሓልው። 16- ብዝኾነ ምስሊ፡ ብመልክዕ <u>ሰባኣይ</u> ወይ ናይ <u>ሰበይቲ </u>እትወቕረ ምስሊ ብምግባርኩም ከይትበላሸው'

*ኢሳ 66፥13*
'ከምቲ ኣደ ንውሉዳ እተጸናንዕ፡ ከምኡ ኸጸናንዓኩም እየ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ኽትጸናንዑ ኢኹም።'

*ምሳ 9፥1*
'ጥበብ <u>ቤታ </u>ሃነጸት….'

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 2. ኣምላኽ ዘልዓለማዊ ኢዩ። God is Enternal

መዝ 90፥2

‘ኣኽራን ከይትወልደ፥ምድርን ዓለምን ከይፈጠርካ፥ ኤረ ንስኻስ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ኣምላኽ ኢካ።’

ዘፍ 21፥33

‘ኣብርሃም ከኣ ኣብ ብኤር-ሸባዕ ተምሪ ተኸለ። ኣብኣውን ብስም እግዚኣብሄር፡ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ተማህለለ።’

ኢሳ 57፥15

‘ስለዚ እቲ ንዘለኣለም ዚነብር ልዑልን ዕዙዝን ቅዱስ ዝስሙን ከምዚ ይብል ኣሎ…’

1ጢሞ 1፥17

‘እምብኣርስ ነቲ ናይ ዘለኣለም ንጉስ፡ ዘይሐልፍ፡ ዘይርኤ ሓደ ኣምላኽ ንዘለኣለመ ኣለም ክብርን ስብሓትን ይኹኖ። ኣሜን።’

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 3. ኣምላኽ ዘይቅየር ኢዩ። God is Immutable.

መዝ 102፥26-27

‘ንሳቶም ኪጠፍኡ ኢዮም፥ ንስኻ ግና ትነብር ….. ንስኻ ግና ከም ቀደምካ ኢኻ።’

ሚል 3፥6

‘ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣይልወጥን ኢየ።’

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 4. ኣምላኽ ህይወት/ህያው ኢዩ። God is Life

እያ 3፥10

'እያሱ ድማ በለ፣ ህያው ኣምላኽ ኣብ ማእከልኩም ከም ዘሎ....'

1ይ ተሰ 1፥9

'ነቲ ህያውን ናይ ሓቂ ኣምላኽን ከተገልግሉ...'

ዘጸ 3፥14

'ኣምላኽ ከኣ ንሙሴ፣ እቲ ዘሎኹ እየ ዘሎኹ፣ በሎ'

ማቴ 16፥16

'ስምኦን ጴጥሮስ ፣ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው
ኣምላኽ ኢኻ ፣ ኢሉ መለሰሉ።'

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 5. ኣምላኽ ሓቂ ኢዩ። God is Truth

ዘዳ 32፥4
‘እቲ ኸውሒ ግብሩ ፍጹም እዩ፥ ዓመጽ ዜብሉ ኣምላኽ እምነት እዩ፥ ንሱ
ጻድቕን ቅኑዕን እዩ።’

ዮሓ 17፥ 3
‘ኣምላኽ ሓቂ ንስኻ በይንኻ ምዃንካን ነቲ ዝለኣኽካዮ የሱስ ክርስቶስን ኪፈልጡ፥ ናይ
ዘለኣለም ህይወት እዚኣ እያ።’

ዮሓ 18፥37
‘ጲላጦስ ድማ፥ እምብኣርስከ ንስኻ ንጉስ ኢኻ፧ በሎ። የሱስ ከኣ፥ ንጉስ ምዃነይሲ ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ። ኣነ ንሓቂ ኽምስክር፥ ምእንትዚ ተወለድኩ፥ ምእንትዚውን እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ። ካብ ሓቂ ዝኾነ ኹሉ ኸኣ ድምጻይ ይሰምዕ እዩ፥ ኢሉ መለሰሉ።’

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 6. ኣምላኽ ፍቕሪ ኢዩ። God is Love

1 ዮሓ 4፥8

‘ኣምላኽ <u>ፍቕሪ </u>እዩ እሞ፥ እቲ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ።’

ዮሓ 3፥16

‘ኣምላኽ፥ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፥ ከይጠፍእሲ፥ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፥ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም <u>ኣፍቀረ</u>’

1 ዮሓ 4፥16

‘ንሕናውን ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘለቶ ፍቕሪ ፈሊጥናያን ኣሚንናያን ኣሎና። ኣምላኽ <u>ፍቕሪ</u> እዩ፥ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፥ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።’

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 7. ኣምላኽ ቅዱስ ኢዩ። God is Holy

1ጴጥ 1፥16 ዘሌ 11፥44

'ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑ፡ ዚብል ጽሑፍ ስለ ዝሎ፡ ከምቲ እቲ ዝጸውዓኩም ቅዱስ ዝኾነ፡ ንስኻትኩምውን ብኹሉ ንብረትኩም ቅዱሳት ኩኑ።'

ኢሳ 6፥3

'እቲ ሓደ ኸኣ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ እዩ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኩላ ምድሪ ብኽብሩ መሊኣ ኣላ፡ ኢሉ ኣድሀየ።'

ዮሓ 17፥11

'ደጊምሲ ኣነ ኣብ ዓለም ኣይነብርን እየ፡ ንሳቶም ግና ኣብ ዓለም ኣለዉ፡ ኣነውን ናባኻ እመጽእ ኣሎኹ። ቅዱስ ኣቦይ፡ ነዞም ዝሀብካኒ፡ ከማና ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፡ ብስምካ ሐልዎም።'

ራእ 4፥8

'እቶም ኣርባዕተ እንስሳ … ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ድማ፡ እቲ ዝነበረን ዘሎን ዚመጽእን ኩሉ ዚከኣሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ እዩ፡ ይብሉ።'

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 8. ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ህልው ኢዩ። God is omnipresent

መዝ 139፥7

‘ካብ መንፈስካ ናበይ ክኸይድ ካብ ገጽካስ ናበይ ክሃድም ኢዩ ንሰማይ እንተ ደየብኩ ንስኻ ኣብኡ ኣለኻ፥ መንጸፈይ ኣብ ሲኦ እንተ ኣንጸፍኩ፥ እንሆ፥ ንስኻ ኣብኡ ኢኻ።’

ኤር 23፥23-24

‘ካንዶ ናይ ቀረባ ኣምላኽ ጥራይ እየ፣ ናይ ርሑቕ ኣምላኽሲ ኣይኰንኩንዶ? ይብል እግዚኣብሄር። ሰማይን ምድርን ዝመልእዶ ኣነ ኣይኰንኩን? ይብል እግዚኣብሄር።’

ማቴ 18፥20

‘ክልተ ወይ ሰለስተ ኾይኖም ብስመይ ኣብ እተኣከብሉ፥ ኣነ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም ኢየ።’

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 9. ኣምላኽ ኩሉ ዝኽእል ኢዩ። God is Omnipotent

ማቴ 19፤26

‘እዚ ንሰብ ኣይከኣሎን ኢዩ፥ ንኣምላኽ ግና ኩሉ ይከኣሎ ኢዩ።’

ዘፍ 17፥1

‘ኣብራም ወዲ ተስዓን ተሸዓትን ዓመት ምስ ኮነ፡ እግዚኣብሄር ተራእዮ፡ ኣነ እቲ ኹሉ ዝኽእል ኣምላኽ እየ፡ ኣብ ቅድመይ ተማላለስ፡ ፍጹም ክኣ ኩን።’

ሉቃ 1፥37

‘ንኣምላኽ ዚሰኣኖ ነገር የልቦን።’

ራእ 19፥6

‘እቲ ዅሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽና ነጊሱ እዩ እሞ፡ ሃሌሉያ።’

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## 10. ኣምላኽ ኩሉ ይፈልጥ ኢዩ። God is omniscient

እብ 4፥13

‘እቲ ጸብጻብ እንህቦ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ኹሉ ጋህ ዝበለን ቅሉዕን እዩ እምበር፡ ኣብ ቅድሚኡ ዚሕባእ ፍጡር የልቦን።’

**<u>Predestination</u>** – will be discussed in Soteriology ነገረ ድሕነት

ኣምላኽ እንታይ ከም ንኸውን ይፈልጥ ድዩ?

ኣምላኽ ናይ መጻኢ ምፍላጡ ንምርጫና ይውስን ድዩ?

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

**ፍቓድ ኣምላኽ = ድሕነት**

ሕዝ 33፥11

‘ኣነ ህያው እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ረሲእ ካብ መገዱ ኺምለስ እሞ ብህይወት ኪነብር እምበር፡ ብሞት ረሲእ ባህ ኣይብለንን እዩ።’

1ጢሞ 2፥4

‘እቲ ኹሉ ሰብ ኪድሕን ናብ ፍልጠት ሓቂውን ኪመጽእ ዚፈቱ እግዚኣብሄር’

**ነጻ ፈቓድ ደቂ ሰባት**

ዘዳ 30፥19

‘ህይወት ሞትን፡ በረኸትን መርገምን ኣብ ቅድሜኻ ኣንቢረልካ ኸም ዘሎኹ፡ ኣባኻ ንምስክር ሎሚ ሰማይን ምድርን ጸዊዔ ኣሎኹ። እምበኣርሲ ንስኻን ዘርእኻን ብህይወት ምእንቲ ኽትነብር፡ ህይወት ሕረ።’

ማቴ 19፥17

‘ናብ ህይወት ክትኣቱ እንተ ደሌኻ ግና ፡ እተን ትእዛዛት ሐሉ’

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

- ኣምላኽ ብመለኮቱ ናይ መጻኢ ነገራት ይፈልጥ ኢዩ።

-ጻድቃን ነጻ ፈቓድ ተጠቂሞም ጽድቂ ከምዝሰርሑ ይፈልጥ ኢዩ።

-ሓጥኣን ነጻ ፈቓድ ሰኣን ምጥቃሞም ሓጢኣት ከምዝፍጽሙ ይፈልጥ ኢዩ።

- ናይ ኣምላኽ ፍልጠት ግን ንፈቃድና ኣይውስኖን ኢዩ።

ሮሜ 8፥28
'ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፣ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፣ ንፈልጥ ኢና።'

# መፈጸምታ ቀዳማይ ክፋል